**ዕላል ምስ በንያም ሃይለ**

**ደራሲ ‘ምኡዝ ዋዛታት ዋርሳይ ይከኣሎ’**




**ሜዳ ብኸመይ ተሰሊፍካ ?**

**ኩነታት ኣሰላልፋይ’ኳ ኣብታ ‘መስዋእቲ ጀጋኑ’ እትብል ቦኽሪ ድርሰተይ ብዝንታ መልክዕ ብሰፊሑ ገሊጸዮ ኣለኹ። ብሕጽር ዝበለ ግን ኣብ መጀመርያ ወርሒ ናይ** 1978 **ናይ ፍርቂ ሰሚስተር መርመራ ገይርና። ሽዑ ኣብዚ ሎሚ ቀይሕ ባሕሪ ዝበሃል ዘሎ ቤት ትምህርቲ** 11 **ክፍሊ እየ ዝመሃር ነይረ። ኣብቲ እዋን’ቲ ህዝባዊ ግንባር ንባጽዕ ብኸፊል ተቘጻጺሩ፡ ኣብ ሰይድቺ ዝዓረደሉ’ዩ ነይሩ። ኣነ በዚ ቅልጡፍ ዓወታት ናይ ገድሊ ኣዝየ እግረምን እምሰጥን ነይረ። ክንዲ ዝኾነ ምዕባለ ሰውራ ንኽርኢ ብዝብል መደብ’የ ብጉልዒን ነፋሲትን ገይረ ንጊንዳዕ ወሪደ። ጊንዳዕ ሓደ ክልተ ሰሙን ኣቢለ ምስ ጸናሕኩ ንኽጋደል ወሲነ። ሓቂ ይሓይሽ፡ ሽዑ ሲ ናጽነት ካብ** 1-2 **ወርሒ ንላዕሊ ትጸንሕ’ያ ዝብል እምነት ኣይነበረንን። ተተሓሒዝካ ንምእታው’ዩ ነይሩ እቲ ትጽቢተይ። እንተኾነ ክሳብ እዋን ናጽነት ን**13 **ዓመታት ተጋዲለ።**

**ዝተዓለምካሉን ዝተመደብካዮን ኣሃዱ?**

**ሓሙሽተ ሓይሊ እንበጽሕ ሓደስቲ ኣብ ማህሚመት ተዓሊምና። ካብዚኣቶም** 40 **ተጋደልቲ ናብ ወተ/ሃንደሳ ተመዲብና። ኣብ ጊንዳዕ ተጋ/ መሓመድ-ስዒድ (ሳንጎር) ሃንደሳዊ ትምህርቲ ምስ መሃረና ነናብ ዝተመደብናዮ ጋንታታት ከይድና። ኣነ** 4**ይ ርእሰይ ግንባር ዓዲ-ቐይሕ ናብ ዝነበረት ጋንታ ሃንደሳ በጺሐ። ብቐጥታ ከኣ ናብኡ ኣምሪሕና። እታ ጋንታ ኣብ መንጎናን ጸላኢን ንዝቐበረቶ ነቶግቲ እናተቘጻጸረት ድፋዕ’ያ ኣሲራ ነይራ። ሒደት ሰሙናት ምስ ገበርና ከኣ ምዝላቕ ይመጽእ። ኣብ ደቡብ ኣብ ስርሒት ሃንደሳን ካልእ ወተሃደራዊ ተርግኣትን ክሳተፍ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ድሕሪ ዓመትን ፈረቓን፡ ኣብ መጀመርያ** 1979 **ተቐዪረ ንሳሕል ከይደ።**

## ሳሕል ከሎኻ ግጥሚ ትገጥም ነይርካ፡ ብኸመይ ኢኻ ጀሚርካዮ?

ኣብ 1979 — 1980፡ ኣብ ክልቲኡ ግንባራት (ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ናቕፋን) ሰፊሕ ጸረ-መጥቃዕቲ ብምውሳድ ጸላኢ ከም ዝዳኸምን ዝስንብድን ተገይሩ ነይሩ። ድሕሪ'ዚ ውግእ፡ ሰራዊትና ኣብ ተዛማዲ ዕርፍቲ'ዩ ኣትዩ። ጎድኒ-ጎድኒ'ቲ ጽዑቕ ፖለቲካውን ኣካዳሚያውን ትምህርትን ሰሚናራትን ነፍስ-ወከፍ ብርጌድ ብደረጃ ሓይሊ ባህላዊ ጉጅለ ኣዳልያ፡ ስዋኣ ጸሚቓ፡ ኣጋይሽ ዓዲማ ናይ ምዝንጋዕ መደባት (ባህሊ) ብሰፊሑ ክካየድ ጀሚሩ። ሃንደሳ ግን ከምዚ ክንገብር ዕድል ኣይነበረናን። ሽዑ ግዜ እታ ሃንደሳ እትበሃል ብምሉኣ፡ ብዝሓ ሓንቲ ቦጦሎኒ ኮይኑ፡ ብጋንታን መስርዕን፡ ኣብ ግንባራትን ድሕሪ መስመርን ተዘርጊሓ 22 ሕዳር 2024 - ገጽ 5 ዕላል ምስ ደራሲ 'ምኡዝ ዋዛታት ዋርሳይ ይከኣሎ' እያ እትሰርሕ። ጋንታና ኣብ ቀብርወኣትን ፋሕን መሸዓሊብን (ጥቓ ዜሮ) ዝርከብ ቦታ'ያ ተዘርጊሓ። ምስቲ ዋሕድና ኣብቲ ሓይልታትና ዘካይድኦ ምዝንጋዕ ቀጻሊ ኢኻ ትዕደም። ብዓቢኡ'ውን ናይ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ኣደታት.... ናይ ብርጌዳት ባህሊ ክንርኢ ዝያዳ ዕድል ነይሩና። እዚ ዝፈጠሮ ድርኺትን ቅንኢን ንሕና'ውን ናይ መስርዕ ባህሊ ኣቝምና መዘናግዒ መደባት ካብ ምድላው ዳርጋ ኣየቋረጽናን። ብፍላይ 1982-83 ገረግር ኣስመራ ከሎና፡ ኣብቲ ከባቢ ንዝርከቡ ክፍልታት ንሽም ቁጠባ፡ ምውፉር፡ ሳርቶ፡ ነዳዲ ከምኡ'ውን ጉጅለ ባህሊ ብርጌድ 44፡ ሃንደሳ ብርጌድ 44፡ ካብ ድፋዕ ሓይልታት ክሳብ ገባር ከይተረፈ እናዓደምና ኢና ነርኢ ነይርና። መራሕ ቦጦሎንና ተስፋይ ቀያሕታይ (ብርጋደር ጀነራል'ውን) ርእይዎ ነይሩ። ቀጺልና ኣብ ገረግር ዝነበርና ክፍልታት ውድብ ተጠርኒፍና ናይ ሓባር ጉጅለ ምዝንጋዕ ዘቖምናሉ እዋን'ዩ ነይሩ። ኣብዚ ከም መራሒ መደብን ኣዳላዊ መደባት ምዝንጋዕን ኮይነ ዝሰርሓሉ ዝነበርኩ እዋን'የ መሰነይታ መደብ ግጥምታት ብብዝሒ ዝገብር ነይረ።

## ጉጅለ ባህሊ ክትብል ከሎኻ ደርፍታት ዘጠቓለለ ድዩ?

እወ፡ እቲ ደርፍታት ናይ ባህሊ ዓበይቲ ኢና ንደግም ነይርና። ነዚ ክራር ሒዞም ብብቕዓት ዝደርፍዎ ዝነበሩ ኣባላት ሃንደሳ ከም ብዓል ፍረወይኒ የውሃንስ (ጓል ሽጓዕ)፡ ልኡል ኣስረስ፡ ስዉእ ሙሉጌታ በየነ (ቀራቂራ)፡ ዓብደልቃድር ከቢረ (ወዲከቢረ) ክጥቀሱ ይኽእሉ። ተዋሳእቲ ከኣ ከም ስዉእ ዑመር ኣቡዓጃጅ፡ ስዉእ መሓመድስዒድ (ቲናይ) ንባዕሎም'ቶም ደረፍቲ፡ ኣዝዮም ንፉዓትን መስሓቓትን ነይሮም። ብዘይካ ክራር ጃዝ'ውን ነይራትና። ሙሉጌታ ቀራቂራ ሓጺን ኣራርዩ፡ ቁራጽ ፊስቶ ኣልጊቡ'ዩ ሰሪሑዋ። ባዕሉ ከኣ'ዩ ዝሃርማ ነይሩ። ብዘይካ ከበሮ፡ ብታኒካ ናይ ማርገሪን ገይርና ዝሰራሕናያ ሳክስፎን ነይራትና። መልክዕ ጥራይ'ያ። ወዲ ከቢረ ግን ብቃንኡ ተመሳሳሊ

ድምጺ እናገበረ ነቲ ጋግ ናይ ሙዚቃ ክሽፍኖ ይጽዕር፡ ወዲ ከቢረ ነዚ ብፍሉይን መስሓቕን ምንቅስቓስ ስለዘድምጾ ናይ ባዕሉ ላዛ ነይሩዎ። ልኡል ኣስረስ ናይ ፊሒራ፡ ፍረወይኒ ጓል ሸጓዕ ከኣ ናይ ጓል ኣንከረ ደርፍታት ከምዘለዎ'ዮም ኮፍ ዘብልዎ ነይሮም። ኣብ ዝተሰሓብኩሉ (1987) ኣብቲ ሩባ ምስ ዝነበሩ ክፍልታት፡ ብፍላይ ምልክት ወድብ፡ ብዓል ጠቕለሎም (ወዲ ዓይነታ)፡ ፍጹም ነንሕድሕድና ቀጻሊ መዘናግዒ መደባትን ግጥምታትን እናኣዳለና ክሳብ 'ማስያ'ን ምትህልላኽን ዝነበሮ ናይ ብሓቂ ዘይርሳዕ እዩ። ኣብተን ካልኡት ጋንታታት፡ ከም ብዓል መርሃዊ የውሃንስ (ካፒተን)፡ መሓመድ እድሪስ ነይሮም። ኣብቲ ግንባር ምርኢት ኣብ ዘቕርብሉ እዋን፡ ድምጻዊ ማዕጉል ብዓረብ ዝደርፋ ደርፊ ነይራ። ሕጂ ናይ ምዝንጋዕ መደብ ኣዳሊና፡ ምስ ዓደምናዮም ነታ ናይ ማዕጉል ደርፊ ኣስሚዕናዮም። ማዕጉል መነጸር ዓይኒ ይገብር ነይሩ። ሙሉጌታ (ቀራቂራ'ዩ) ደሪፉዋ። ባኮ ቀዲዱ፡ መነጸር ብምግባር ልክዕ ከምቲ ናቱ ፍሉይ ምንቅስቓስ (ኣክሽን) ገይሩ'ዩ ኣቕሪብዋ። ብሰሓቕ ፈሊሖም። ማዕጉል ናይ መስተ ድፍኢት ደኣ ከይከውን እምበር፡ ብድሕሪኡ "ብህይወተይ ከለኹ ከምዚኣ ዘርኣኹምኒ፡ ሕጂ ዋላ እንተተሰዋእኩ ሕጉስ'የ" ክብል ይዝከረኒ።

## ክሳብ መዓስ ተርእዩ ነይርኩም?

ኣብታ ቦጠሎንና ክሳብ መወዳእታ ሰማንያታት ኣየቋረጽናዮን። ቅድሚኡ ግን ገረግር ዝነበረት ጋንታና ድሕሪ መስመር ከላ (ድፍዓት ምቕልቃል ሚኪኤል) ኣብቲ ከባቢ ጽቡቕ ተፈላጥነት ዝነበራ ናይ ባዕላ ጉጅለ ባህሊ ነይሩዋ። ክሳብ ህዝቢ ከይተረፈ እናዓደመት'ያ ተርኢ ነይራ። ስዉእ ሙስጠፋ ያሲን (ወዲ ሻምበል) ከራርን ድምጻውን፡ ተዋሳኢቲ ከም ብዓል ሳራ (ጓል ቅጫ)፡ ስዉእ ንጉሰ (ሙጎ) ዝኣመሳሰሉ ክኢላታት ነይሮማ። ስዉእ ጸጋይ ኣክላ ከኣ መራሕ መደብ'ዩ ነይሩ። እታ ጋንታ ቀቅድሚ 6ይ ወራር፡ ጥሪ 1982 ተቐይራ ንገረግር እያ መጺኣ። 6ይ ወራር ኣጋ ምውድኡ ከኣ ናይቲ ከባቢ ክፍልታት እናዓደመት ደርፍን ተዋስኦን ዝሓቘፈ መደባት ባህሊ ተርኢ ነይራ። ኣነ ኣብኡ ግጥምታት ብብዝሒ የቕርብ ነይረ። ኣብ መወዳእታ 1982 ንተኽሊጥ (ምትሕንፋጽ) ናይ ሓይሊ ኣብ ማእከላይ ቦታና ዓምበርበብ ተኣኪብና። ኣብኡ'ውን መደባት ምዝንጋዕ ተዳልዩ ነይሩ። ሽዑ ከም ብዓል ስዉእ ሙሉጌታ ሰለሙን (ኢምፔሮ)፡ ስዉእ ነጋሲ (ሓኪም ጋንታ) ኣነ'ውን ኣብቲ ዓመት'ቲ ዝገጠምናዮ ብምልኡ ኣቕሪብናሎም። ኣብዚ ኣዛዚ ወተ/ ሃንደሳ ብጻይ ተስፋይ ይስሓቕ (ቀያሕታይ)፡ ኩላቶም ኣብኡ ዝነበሩ ክፍልታት ኣሃዱናን ዝተረኽብሉ ነይሩ። መሓመድ (ጋዜጠኛ) እውን ብትርኛን ትግረን ጽቡቕ ግጥምታት ይገጥሙን የቕርቡን ከምዝነበሩ ክዝከር ይግባእ።

**ግጥምታትካ ኣብ ምንታይ ዘተኮረ እዩ?**

*መብዛሕትኡ ሽዑ ግዜ እትገጥሞ ንመዘናግዒ ዝኸውን'ዩ። ኣብቲ ኣጋጣሚ ሓዊ ሓዊ ዝጨኑ ስዋ ኣሎ። ስዋ ሃንደሳ ከኣ ፍሉጥ እዩ ነይሩ። ስለዚ ሰብ ክዘናጋዕ ጥራይ'ዩ ዝደሊ። ሕጂ ብቕንያቱ ኣብ ኣባላት ክዝረብ ዝቐነየ ዋዛታት፡ ዝተፈጸመ መስሓቓት ክንኣርዮ ንቕኒ። ነዚ ብመልክዕ ግጥሚ፡ ዋዛን ዜናን እናገበርና ነቕርቦ። ካልእ'ውን ነቲ ማሕበራዊ ናብራ። ንስራሕና ዘንጸባርቕ ንገጥም። መብዛሕትኡ ግጥምታተይ ዕቱብ ኣይገብሮን'የ ነይረ። ሓደሓደ ግዜ ግን ደሓን ዝኾነ ግጥሚ ገይረ ንድምጺ ሓፋሽ ዝለኣኽኩሉ እዋን'ውን ነይሩ።*

**ብዝሒ ኸ?**

*ክሳብ 1985 ዝገጠምኩዎ ሳንጣ ምሉእ ወረቓቕቲ ኣብ ተሰነይ ጠፊኡኒ ነይሩ። ሽዑ መራሒ ሓይልና ኮሎኔል ዩስፍ መሓመድ (ወዲ መሓመድ) ጉህዩ፡ ተቛይቑኒ'ውን። ገሊኡ ብቓለይ ዘጽናዕኩዎ ደጊመ ዝጸሓፍኩዎ ነይሩ። ኣብ 1987፡ ኣብ ውሽጢ'ታ ዝሰርሓላ ህድሞ ከለኹ፡ ሓደጋ ነታጒ ኣጋጢሙኒ ነይሩ። ሽዑ እቲ ግጥምታተይ ኣብ ጣውላ ኣቐሚጠዮ ነይረ። ኣብ ደብተር ክግልብጦ መደብ ነይሩኒ። በቲ ነትጒ ከኣ ፍርቁ ተቓጺሉ። በቲ ሓደጋ ምሉጌታ ብርሃነ (ወዲ-ኣርባዕተ) ዝተባህለ ተጋዳላይ ተሰዊኡ ስለዝነበረ፡ ዘይተባረዐ መባርዒታት ከይህሉ ብምስጋእ እታ ህድሞ ብድሕሪኡ ተገዲፉ'ያ። ኣነ ካብ ሕክምና ድሕሪ ወርሒ ምስ ተመለስኩ፡ ነቲ ዝተረፈን ፍርቁ ብሓዊ ዝተበልዐን ኣራርየ እየ እንደገና ጽሒፈዮ። ብዝኾነ ክሳብ ናጽነት ሒዘዮ ዝኣተኹ ሳንጣ ምሉእ ድያሪታትን ግጥምታትን ነይሩኒ። እቲ ድያሪ ኣብ ሞያ ጋዜጠኝነት ኣብ ዝነበርኩሉ ኣብ ዓምድታት ወግዒ መኸተ፡ መስዋእቲ ዋጋ ሓርነት፡ ዕላል ምስ ታሪኽን ካልእን ነዊሕ ዓመታት ተጠቒመሉ'የ። ገሊኡ ግጥምታተይ'ውን ኣብ ጋዜጣ ኣውጺአዮ'የ። ሕጂ ኮፍ ኢለ ክሓስቦ ከለኹ ናይ ንእስነት ሕልመይ ይፍትሽ'የ። ናብ ጋዜጠኝነትን ድርሰትን ከም ዝዝንብልን ጽልዋ ከምዝሓድረንን ዝገበሩኒ ቅድሚ ምግዳለይ ድሕሪኡን ኢልካ ኣብ ክልተ መቒልካ ክርኣይ ይከኣል። ኣደይ ኣብ 60ታት ብትግርኛ ዝጽሓፉ ዝነበሩ ልብ ወለድ መጽሓፍቲ ምስ መሓዙታ ተንብብ ነይራ። ብዛዕብኡ ክመያየጣን ክስሕቓን ከለዋ ጽን ኢለ ይሰምዐን ነይረ። ኣነ'ውን ካብ ኣደይ ተቐቢለ የንብብ። ከምኡ'ውን ኣደይ ምሸትምሸት መጽሓፍ ቅዱስ ንደቃ ተንብበልናን ጽንጽዋይ ክተዘንትወልናን ይዝክረኒ። ኣቦይ ድማ መምህር'ዩ። ብፍላይ ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን (ኣምሓርኛ) ካብ ኢዱ ኣይፈልያን'ዩ። ኣነ እታ ሰንበት-ሰንበት ትወጽእ ዝነበረት ናይ መዘናግዒ መደብ ቀጻሊ'የ ዘንብባ ነይረ። ንደቂ ገዛውተይ ከይተረፈ ኣኪበ የንብበሎም ነይረ። ሕጂ ኣብ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ብዙሕ ዝንኣድ'ኳ እንተዘይነበርኩ፡ ኣብ ቋንቋ ኣምሓርኛ ግን ንፉዕ ነይረ። ኣብ 1973፡ 8ይ ክፍሊ እናተመሃርኩ ናይ ኣምሓርኛ መምህርና ልቢ-ወለድ የንብበልና ነይሩ።ንሱ*

መጻሓፍቲ እንተሰልክዩዎ፡ ተመሃሮ ንዓይ'ዮም ኣንብበልና ዝብሉኒ። በዚ ኣብቲ ዕድመ ከለኹ ንንእስነተይ እተዘንቱ መጽሓፍ ናይ ምድራስ ባህጊ የሕድር። ሜዳ ምስ ወጻእኩ፡ ካብ 1981 ክሳብ'ቲ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዝተደምሰሰሉ መጋቢት 1984 ኣብ ደጀንና ገረግር ኣስመራ'የ ነይረ። ናይ በራጊድ 4፡ 31፡ 23፡ 44 ማእከላይ ቦታኣን'ውን ገረግር ቀብርወኣትን ነይሩ። ናይ ባህሊ ውድብ፡ ናይ በራጊድ ድዩ ክፍልታት ወድብ ጉጅለታት ባህሊ ናይ ግንባር ናቕፋ በራጊድ ከይተረፈ ኣብ ገረግር'የን መደባተን ዘርእያ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ ኣነ ገረግር ከም ምንባረይ መጠን ኩሉ'ቲ ብቐጻሊ ዝርኣይ ባህሊ ናይ ምርኣይ ዕድል ይረክብ ነይረ። እዚታት'ዩ ነዓይ ቅዱስ ቅንኢ ኣሕዲሩ ናይ ምጽሓፍ ዝንባለ ዘሕደረለይ እብል።

## መጽሓፍቲ ካብ በልካ ክሳብ ሕጂ ክንደይ ዝኣክል መጽሓፍቲ ጽሒፍካ?

ኣርባዕተ፡ ንሳተን ከኣ፡ መስዋእቲ ጀጋኑ፡ ንብዓት ስንኩል፡ ሕጹያት መራሕቲ፡ እዚኣ ናይ መጠረሽታ ምኡዝ ዋዛታት ዋርሳይ ይከኣሎ ድማ ራብዓይቲ'ያ። ካብቲ እትገብርዎ ዝነበርኩም ተዋስኦታት ወይ ዋዛታት ትዝክሮም እንተሎ? ኣብ 1983 ባህሊ ብርጌድ 44 ጥቓና'ዮም ድሕሪ ተኸሊጥ ምግባርኩም ከ? ኣብ መጀመርያ 1983 ሓንቲ መስርዕ ንገረግር ንምለስ። ምስ መራሒ ጋንታና ማሕሙድ እድሪስ (ኮሎኔል) ኦፕረይተሩን ደሚርካ ኣስታት 20 ኣባላት ነይርና። ካብዚኣቶም ፍርቅና ኢና ኣብ ባህላዊ ንጥፈታት ንዋሳእ ነይርና። እዚ ክሳብ ምድምሳስ ውቃው እዚ ኣየቋረጽናዮን፡ ክራርና ሒዝና ክሳብ ዜሮ ንዝነበረት ብሰዉእ ዓንዱ ተመልሶ እትምእከል መስርዕናን ኣብኡ ንዝነበሩ ክፍልታትን ባህሊ ብርጌድ 4 ከይተረፈ ዝነበርዎ ከይድና ዘርኣናሉ እዋን ነይሩ። ድሕሪ ምድምሳስ ውቃው እዚ ጋንታና ኣብ ደብዓት (ሕም) እያ ተጠርኒፋ። ኣብኡ'ውን ኣብ ከባቢና ንዝነበሩ ኣሃዱታት፡ ከም ከቢድ ብረት፡ ስለያ ውድብ፡ ሃንደሳ ብርጌድ 44፡ መደባት ምዝንጋዕ ኣዳሊና ዘርኣናሉ እዋን ነይሩ።

## ብፍላይ ዛራ፡ ቁጠባ ብንእሽቶኻ ደራሲ (ጸሓፋይ) ናይ ምኳን ሕልሚ ነይሩካ ድዩ?

ጽንጽዋይ ክተዘንትወልናን ይዝከረኒ። ኣቦይ ድማ መምህር'ዩ። ብፍላይ ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን (ኣምሓርኛ) ካብ ኢዱ ኣይፈልያን'ዩ። ኣነ እታ ሰንበት-ሰንበት ትወጽእ ዝነበረት ናይ መዘናግዒ መደብ ቀጻሊ'የ ዘንብባ ነይረ። ንደቂ ገዛውተይ ከይተረፈ ኣኪበ የንብበሎም ነይረ። ሕጂ ኣብ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ብዙሕ ዝንኣድ'ኳ እንተዘይነበርኩ፡ ኣብ ቋንቋ ኣምሓርኛ ግን ንፉዕ ነይረ። ኣብ 1973፡ 8ይ ክፍሊ እናተመሃርኩ ናይ ኣምሓርኛ መምህርና ልቢ-ወለድ የንብበልና ነይሩ።ንሱ መጻሓፍቲ እንተሰልክዩዎ፡ ተመሃሮ ንዓይ'ዮም ኣንብበልና ዝብሉኒ። በዚ ኣብቲ ዕድመ ከለኹ ንንእስነተይ እተዘንቱ መጽሓፍ ናይ ምድራስ ባህጊ

የሕድር። ሜዳ ምስ ወጻእኩ፡ ካብ 1981 ክሳብ'ቲ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዝተደምሰሰሉ መጋቢት 1984 ኣብ ደጀንና ገረግር ኣስመራ'የ ነይረ። ናይ በራጊድ 4፡ 31፡ 23፡ 44 ማእከላይ ቦታኣን'ውን ገረግር ቀብርወኣትን ነይሩ። ናይ ባህሊ ውድብ፡ ናይ በራጊድ ድዩ ክፍልታት ወድብ ጉጅለታት ባህሊ ናይ ግንባር ናቕፋ በራጊድ ከይተረፈ ኣብ ገረግር'የን መደባተን ዘርእያ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ ኣነ ገረግር ከም ምንባረይ መጠን ኩሉ'ቲ ብቐጻሊ ዝርኣይ ባህሊ ናይ ምርኣይ ዕድል ይረክብ ነይረ። እዚታት'ዩ ነዓይ ቅዱስ ቅንኢ ኣሕ

## ምኡዝ ዋዛታት ዋርሳይ ይከኣሎ፡ ኣብ ከመይ ኩነታት ኢኻ ጽሒፍካዮ?

ብዙሕ ኣየህለኽትንን። እቲ ወሳኒ፡ ዋዛ ምስትምቓር'ዩ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ ኣብ ገድሊ ከለኹ፡ ናይ መስርዕ፡ ጋንታ፡ ሓይሊ፡ ቦጠሎኒ ናይ መዘናግዒ መደባት (ባህሊ) ኣብ ነካይደሉ ዝነበርና እዋን ዋዛ ብፍሉይ ኢና ንግደሰሉ። ሰብ ስዋ እናሰተየ ምርኢት ክዕዘብ ከሎ ዘዘናግየን ዘስሕቖን ጥራይ'ዩ ዝደሊ። ኣብዚ፡ ዋዛ ብቀዳምነት ይስራዕ። ስለዚ ብዓንተቦኡ ኣብ ዋዛ ፍሉይ ተገዳስነት ነይሩኒ። ኣብቲ መስርሕ ከኣ ዋዛ ናይ ምስትምቓር ዓቕመይ'ውን ክብ እናበለ ከይዱ እብል። ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ከም ጋዜጠኛ ኣብ ዝሰርሓሉ ዝነበርኩ እዋን፡ ኣብ ዓምደይ ካብ 1-2 ዋዛ ቀጻሊ'የ ዘውጽእ ነይረ። ኣብ ዓምደይ ዘውጽኦ ዝነበርኩን ካልእ ዘይተቓለሐን ደማሚረ ከኣ'የ ንመጽሓፍ ኣብቂዓያ ዘለኹ።

ሓዳስ ኤርትራ

22 ሕዳር 2024